# ብከቢድ ድምጺ መርመራ

The Royal Women's Hospital Fact Sheet / www.thewomens.org.au

the women's
the royal women's hospital
victoria australia

## ካብ ሰብ እዝኒ ንላዕሊ ብዝኾነ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND እንታይ እዩ?

ብድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ናይ ውሽጢ ኣካል ንምርኣይ ከቢድ ዝኾነ ናይ ደምጺ እንቅስቃሰ ይጥቀለም እዩ። እቲ ናይ ድምጺ ምንቅስቃስ ብጣዕሚ ሓያል ስለዝኾነ ናይ ሰብ እዝኒ ከሰምዖ ኣይኽእልን እዩ። እቲ ናይ ደምጺ እንቅስቃሰ ካብ ንእሽቶ ብኢድ ዝትሃዝ ፕላስቲክ መርኣይ (transducer) ተበጊሱ ናብ ውሽጣዊ ሰብነት ከፍሊ ይኸይድ እዩ። ስዕሊ ንምፍጣር እቲ ምርኣይ ድምጺ ወይካዓ 'መቓልሕ' ይፈጥር እዩ።

ናይ ድምጺ/ULTRASOUND መርኣይ ፅሬት ዘለዎ ስዕሊ ኣይህብን ግናስ ጨራ ዘይዝርጋሓሉ ኣሰራርሓ እዩ። ኣብ ከብዲ፣ ማሕጸን/ጉሎ ከምኡ'ውን ኣብ ኣፍልቢ ዘሎ ከፍሊ ኣካላት መርመራ ንምግባር ዝተለምደ ኣሰራርሓ እዩ።

መብዛሕትኡ ግዘ ናይ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ዝጠቀም ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ጥንሲ እዋንን ኣብ ማሕጸን ኀዘሎ ከፍሊ ኣካላት ጉድለት ንምፍላጥ ይኸውን።

## ከመይ ጌርካ ከምተኻይዶ?

ቅድሚ'ቲ መርኣይ ኣብቲ ቆርበት መለግለግ ዝብል ብምግባር ነቲ ድምጺ ምንቅስቃስ ካብ ብላስቲክ መርኣይ (transducer) ተበጊሱ ናብ ውሽጣዊ ሰብነት ከፍሊ ከሓልፍ ይገብር። ከሳብ ፅቡቅ ስዕሊ ዝርኣይ እቲ ፕላስቲክ መርኣይ (transducer) በቲ ቆርበት ከባቢ ምንቅስቃስ ይኸውን። እቲ ስዕሊ ኣብ ዝቕረጸሉ እዋን ነቲ መርኣይ በቲ ቦታ ሒዝካ ምጽናሕ ይኸውን።

## እቲ ፍሕኛ ከመልእ የድልይ'ዶ?

ሓንቲ ሰበይቲ ጥንስቲ እንተዘይኾይና ወይካዓ ኣብ ቀዳማይ እዋን ጥንሲ እቲ ማሕጸንን እንቋቁሖ ዜፍሪ ኣካላት ናብ ጉሎ ውሽጢ ብምእታው ብዙሕ ግዘ ብመዓናጡ ይሽፈን እዩ። መዓናጡ ጋዝ ስለዝሕዙ እቲ ድምጺ/ULTRASOUND ከሓልፍ ኣይኽእልን እዩ። ስለዙይ ኣብ ጉሎን ማሕጸን ውሽጢ ኀዘሎ ምርኣይ ኣይኽኣልን ይኸውን እዩ። ኣብ ፍሕኛ ቁሩብ ሽንቲ እንተሃልዩ ነቲ መዓናጡ ከደፍኦ ስለዝኽእል እዩ።

ኣብ ዳሕራዋይ ጥንሲ እዋን እቲ ማሕጸን ዝሒፋ ካብ ጉሎ ከወጽእ እንከሎ ብመጡ ዝመልኣ ፍሕኛ ነቲ ታሕታዋይ ማሕጸን ኣካል ብቐሊሉ ከርኣይ ይሕግዝ እዩ። እዚ'ውን እቲ መዳሕንቲ [ድሕሪ ምውላድ] ትሕቲ ከምዘይኾነን ኣብቲ ቅድሚት ማማይ ከምዘይኾነ ንምርግጋጽ ይሕግዝ እዩ። ብዘመናዊ መሳርሒ ብጣዕሚ ዝመልኣ ፍሕኛ ኣየድልን እዩ።

## ናይ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ጉድኣት ኣለዎ'ዶ?

ጥኑሳት ንዝኾና ደቂ ኣንስተዮ ብድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ከሳብ 30 ዓመታት ይግበረለን ከምዝነበረ እዩ። ብጀካ ናይ መርመራ ጉጅለታት ሓያል መጸናእቲ ነቲ ምዕባለ ዝገብር ማማይን ኣዶን ዝጎድእ ምንም ምኽንያት ከምዘይተረኸበ እዩ። ኣብ ሓደ ሓደ ሃገራት በብጥንሲ እዋን ብውሑድ ሓደ ግዘ ብድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ምግባር ዝተለምደን ኣብ ዝማዕበሉ ሃገራት ብገፊሕ ይጥቀሙሉ እዮም።

## ናይ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ንምግባር ገደብ ኣለዎ'ዶ?

ብድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ምግባር ብዛዕባ እቲ ጥንሲ ብጣዕሚ ጠቃሚ ዝኾነ መረዳእታ ክሕብ ይኽእል ከምኡ'ውን በቲ ማማይ ዘሎ ጉድለት ክርእይ ይኽእል ግናስ ኣብዝተፈላለየ ኩነታ ንዝርኣይ ጉድለት ትኽክለኛ ዝኾነ መልሲ ኣይሕብን እዩ። ኣብዝኾነ ኩነታ እቲ ማማይ ጥዑይ ንምኳኑ በቲ ናይ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ክረጋገጽ ኣይኽእልን እዩ።

ብካልእ ኩነታት ማለት ደቂ ኣንስተዮ ቃንዛ ወይካዓ ሕበጥ እንተሃልይዎን ናይ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ምስ ካልእ መርመራታት ብሓባር ኩልግዘ ክርኣይ ከምዘለዎ እዩ።

## ኣብ ጥንሲ እዋን ናይ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ንምታይ ይግበር?

ኣብ ጥንሲ እዋን ናይ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ንምግባር ብጣዕሚ ዝተለምዱ ምኽንያታት፦

- እቲ ማማይ ምዓዝ ከምዝውለድ ንምፍላጥ
- ጥንሲ ከጅምር እንከሎ ደም ዝፈሰሰ እንተኾይኑ ንምርኣይን እቲ ጥንሲ ብፅቡቕ ከምዝቕጸል ንምፍላጥ
- በቲ ጥንሲ ካብ ሓደ ንላዕሊ ማማይ እንተሃልዩ ንምርኣይ
- ኣብ ዳሕረዋይ ናይ ጥንሲ መርመራ ግዘ ደም ዝፈሰሰ እንተኾይኑን ናይቲ መዳሕንቲ ኣቐማምጣ ንምርኣይን
- ናይቲ ማማይ ኣካላዊ ዕቤት ከምኡውን ምንም ዓይነት ፀገም ከምዘይብሉ ንምርግጋፅ።
- ኣብ ዳሕረዋይ ናይ ጥንሲ ግዘ ናይቲ ማማይ ዕቤት ከምዕድሚኡ ፅቤት እንተኾይኑ ንምርኣይ።

ኣብ ጥንሲ እዋን ዝግበር ዝኾነ ናይ ድምጺ መርመራ/ULTRASOUND ኣብዚ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዝለዉ ነገራት ብተደጋጋሚ ክረጋግፅ ይኽእል እዩ።

ድሕሪ ሰለስተ ወርሒታት [15-16 ሰሙናትን ብድሕሪኡ] ናይቲ ማማይ ኢድን እግርን ከምኡ'ውን ካልኦት ክፍሊ ኣካላት ማለት ሕቑ፣ ከምዲ፣ ፍሕኛን ልቢን ዝርዝር ኩነታ ክርአይ ይኽእል እዩ።

እቲ መርመራ ክግበር እንከሎ Down's Syndrome (ናይ ኣእምሮ ድሕሪት) ፀገም ንምሕላው ኣየርእይን እዩ። ይኹን እምበር ካልእ ብዙሕ ጉድለታት ክርኣዩ ይኽእሉ እዮም።

## ናይ ድምጺ መርመሪ/ULTRASOUND ብካልእ ከመይ ክሕግዝ ከምዝኽእል?

ናይ ድምጺ መርመሪ/ULTRASOUND ተኸታታላይ ስዕሊ ስለዝህብ መርፍእ ናብ ኩብዲ ንክትኣትዎ ብምምራሕ ብጣዕሚ ይሕግዝ እዩ። ከም AMNIOCENTESIS [በቲ ከባቢ ማማይ ቁሩብ ፈሳሲ ምውሳድ] ዝመሰለ ኣሰራርሓ ክትገብር እንከሎ ነቲ መርፍእ በቲ ULTRASOUND ምክትታል ይኸውን።

ጥንሲ ንዘይብላ ሕምምቲ ኣብቲ እንቋቑሖ ዜፍሪ ኣካል ዘሎ ክረጢት ቁሩብ ፈሳሲ ከምዝውሰድን ብተመሳሳሊ መንገዲ ንፍረ ዝኸውን እንቋቑሖ (IVF) ካብቲ እንቋቁሖ ዜፍሪ ኣካላት (Ovaries) ክውሰድ ይኻኣል እዩ።

## እቲ ስዕሊ እንታይ ከምዝመስል?

ኣብ ሓደ ግዘ ሓደ ቁራጽ ወይካዓ ክፍሊ ስዕሊ ጥራይ በቲ ድምጺ መርመሪ/ULTRASOUND ከምዝውሃብ እዩ። እዚ ከምቁራጽ ባኒ ኮይኑ ይርኣይ እዩ። ኣብቲ መርኣይ ዘሎ ስዕሊ ብሓደ ግዘ ናይቲ ማማይ ኣካል ብሙሉእ ኣየርእይን ግናስ ሓደ ቁራጽ ጥራይ እዩ። ርእሲን ሰብነት ኣካል ዘርእይ ስዕሊ ናይቲ ማማይ ኢድን እግርን ብዙሕ ግዘ ኣየርእይን እዩ። መርመራ ኣብዝግበረሉ እዋን በቲ መርኣይ ዘሎ ኩነታት ክትርእይዎ ፅእረት ክግበር እዩ።

## ብጓልኣንትዮ ብልዕቲ ውሽጢ ምርመራ ምግባር'ከ?

ብጓልኣንስትዮ ብልዕቲ ውሽጢ ጌርካ ፍሉይ ብዝበለ ነዊሕን ቀጢን ብረት መርመራ ምግባር ይኻኣል እዩ። ናይቲ ሕሙም ፍሕኛ ባዶ ክኸውን ከምዝለዎን ንእሽቶ መርኣይ ኣብ ብልዕቲ ይቅመጥ እዩ።

መጠነኛ ዝኾነ ዘይምቹው ምኳን ይነብር ግናስ እቲ ኣሰራርሓ በቲ ማማይ ጉድኣት የብሉን። ጥንስቲ ንዘይኾና ወይካዓ ኣብ ቆዳማይ እዋን ጥንሲ እዚ ኣሰራርሓ ፅቡቅ ስዕሊን ዝበለፀ ሓበሬታ ከምዝህብ እዩ።

**Disclaimer** The Royal Women's Hospital does not accept any liability to any person for the information or advice (or use of such information or advice) which is provided in this fact sheet or incorporated into it by reference. We provide this information on the understanding that all persons accessing it take responsibility for assessing its relevance and accuracy. Women are encouraged to discuss their health needs with a health practitioner. If you have concerns about your health, you should seek advice from your health care provider or if you require urgent care you should go to the nearest hospital Emergency Department. © The Royal Women's Hospital, March 2014